# ሓጺር ታሪኽ ተጋ/ንጉሰ ኢዮብ ወልደገብርኤል

**ክፍሊ ዜናን ባህልን**
**ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ**
**27.06.2009**



ተጋዳላይ ንጉሰ ኢዮብ ወልደገብርኤል፡ ብ1961 ኣብ ሓናኒት እተባህለት ዓዲ ኣብ ኣውራጃ ሰራየ ተወሊዱ። ብ1976 ድማ፡ ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ተሰሊፉ። ቅድም ክብል ኣባል ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ድሒሩ ድማ፡ ኣባል ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ኰይኑ፡ ክሳብ ዕለተ መስዋእቱ ተቓሊሱ።

ተጋዳላይ ንጉሰ፡ ኣቦ ሰለስተ ኣዋልድን ክልተ ኣወዳትን ኢዩ። ኣብ ከሰላ፡ ሱዳን ምስ ናይ ግብረ-ሰናይ ማሕበር እናሰርሐ እንከሎ'ዩ ብዝነበሮ ሕማም ምኽንያት ብ22 ሓምለ 2009 ካብ'ዛ ዓለም ብሞት ተፈልዩና።

ተጋዳላይ ንጉሰ፡ ጽኑዕ፡ ፈቃር፡ ንጽጉም ዝሕግዝን ሕውስን ኢዩ ነይሩ። በዚ ጠባያቱ ድማ፡ ኵሉ ፈታዊኡ ነይሩ።

ደጊምና፡ ንስዉእ መንግስተ-ሰማይ የዋርሶ፣ ንቤተ-ሰቡን ብጾቱን ጽንዓት ይሃቦምን ይሃበናን ንብል።